ስምረት ምንቅስቓስ
ኤርትራውያን
ንድሕነት ሃገር

إتحاد الحركة الإرترية
لإنقاذ الوطن

# መግለጺ ዮሃና ስምረት ንመበል 24 ጽምብል ምስረታ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ድምሓኩኤ)

ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ ፍርቂ-ዘመን ዝተቓለሰን ኲለንተናዊ ናይ ሂወትን ኣካልን መስዋእቲ ዝኸፈለ፡ ሃገሩ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ሓራ ክገብር፡ ኣብ ነጻን ልዑላዊትን ኤርትራ ከኣ፡ ህዝቢ ጎይታ ሃገሩ ክኸውን፡ ብነጻ ሕርይኡ ንብዙሕነቱ ዝውክልን ዘንጸባርቕን ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ተኺሉ፡ ልዕልና ሕጊ ተዋሒሱ፡ ነባሪ ሰላምን ልምዓትን ከረጋግጽ እዩ።

ዘይከም'ቲ ትምኒቱን ባህጉን ግን፡ እቲ ንሰውራ ኤርትራ መሪሑ ዝኣተወ ጉጅለ፡ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈሎ ዋጋ ጠሊሙ፡ ናይ ኤርትራ ተፈጥሮኣዊ ኲለንተናዊ ብዙሕነት ክሒዱ፡ ናይ ሓደ ጸቢብ ጉጅለ ረብሓታት ዘውሕስ ዓማጽን ረጋጽን፡ ብስለላን ዓፈናን ዝቐለስ ፖለቲካዊ ሰልጣን ክተክል ኮይኑ። ብእውጅ ከኣ ነቲ ኤርትራዊ ብዙሕነት ክድምስስ ብምንቃል፤ ህላወ ብሄራት ኣብ ኤርትራ ከም ዘየለ ክጋውሕ ጀመረ። ኣብ ኤርትራ ናይ ቋንቋ ብዙሕነት ጥራይ ከም ዘሎ ገለጸ። ህላውነት ብሄራት'ውን ከሓደ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ነቲ ብሓይሊ ብረት ዝገበቶ ስልጣን ንምውሓስ፡ ተውዳዳርነት ንምዃላፍን ምሕራምን፡ ነቲ ናይ ርኢቶን ሓሳባትን ብዙሑነት ከይነግስ፡ ብቐሉዕ መግለጺ፡ "**ኣብ ኤርትራ ናይ ፖለቲካ ሓሽውየ ኣይንፍቅድን ኢና።"** ክብል ተሰምዐ።

ካብ'ዚ ናይ ሰልጣን ምግባትን ናይ ምብሓትን ሕልምታት ተበጊሱ ከኣ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ናይ ሎሚ ህግደፍ፡ ንኣዋጃቱን ዘይፍትሓዊ ምሕደርኡን ዝተቓውሙ ውልቀ-ሰባት ይኹን እኩብ ሕብረተ-ሰብ፡ ደረት ዘይብሉ፡ ዓቐኑ ዝሓለፎ ኢ-ሰብኣዊ ኣሰካሕካሒ ኣረሜናዊ ግፍዕታት ፈጸመ። እቲ ካብ ጽባሕ ምውሓስ ሃገራዊ ናጽነት ዝጀመረ ባርባራዊ ፋሽሽታዊ ዓመጽ ህግደፍ ከኣ ክሳብ ሎሚ ዕለት ይቕጽል ኣሎ። ብሰንኪ'ቲ ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕታት ከኣ ኤርትራ ሃገርና ካብ ምህላው ናብ ዘይምህላው ከተምርሕ፡ ከም ህዝቢ ናይ ምጽናትን ምብትታንን ፈተነ ከም ደበና ክወድቀና፡ ኣብ ዝባንና ተንጠልጢሉ ይርከብ።

ከም'ቲ ሰነ-ፍልጠታዊ ሓቂ ዝምክሮ፡ ጭቆና ክሳብ ዘሎ ቃልሲ ክውለደን፡ ክፍጠርን ንቡርን ግድንን እዩ። ምኽንያቱ ዝተጨቆነ ህዝቢ ወይ ሕብረተ-ሰብ ኣንጻር ዝወርዶ ዘሎ ጭቆና ክቃለስ ባህርያዊ ሰለዝኾነ። ዝተዓመጸ ህዝቢ ክቃለስ ባህርያዊ እዩ። ድሕሪ ነጻ ኤርትራ፡ ነቲ ግፍዕታት ህግደፍ ነጺጉ፡ ዝተነፍጎ መሰልን ማዕርነትን ክውሕስ፡ ካብ  ጃምላዊ ግህሰትን ዓመጻትን ሓራ ክኸውን፡ ህላውነቱን ቀጻልነቱን ንምርግጋጽ እምቢ ንምልኪ ዝበለ እምበኣር ህዝቢ ኩናማ እዩ። ከም ብሄር ነቲ ካብ ህግደፍ ዝወርዶ ጭቆናን ዓመጽን ክቃውም፡ ውድባ ክፍጠር ከኣ ግድን ኮነ። እንሆ ከኣ ነጸብራቕ ናይ'ቲ ዝወሰዶ ተባዕ ስጉምቲ፡ ናይ ኣይግዛእን መንፈስ፡ ኣንጻር ምልካዊ ናይ ዓፈና ጉጅለ ህግደፍ ተወዲቡ ክቃለስ ጸኒሑን ኣሎን።

እቲ ዘይከሓድ ኣብ ባይታ ዘሎ፡ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ-ወከፍ ውልቀ ዜጋ ይኹን እኩብ ማሕብረ-ሰብ ወይ ብሄር ኤርትራ ቆጺርካ ዘይውዳእ ግፍዕን በደላትን ፈጺሙን ገና'ውን ይፍጽምን ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ እቲ ን27 ዓመታት ሕሱም ብደላትን ምልካዊ ጓዕጻጺ ገባትን ባህርያት ህግደፍ ካብ ዝወለዶም ቃልስታት ሓደ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኩናማ ዝኾነ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ድምሓኩኤ) እዩ።

ህዝቢ ብሄረ ኩናማ፡ ነቲ ዝወረዶ ህግደፍዊ ዓመጽ፡ ኣሜን ኢሉ ኣይተቐበለን። የግዳስ ተወዲቡ ክቃለስ'ዩ ዝወሰነ። ከም'ኡ ክንዲ ዝገበረ ከኣ ሎሚ ዝበዝሐ ህዝቢ ኩናማ ኣብ ጽላል መሪሕ ውድቡ ተሰሊፉ፡ ነቲ ህላውነቱ ኣብ ሓደጋ ክእቱ፡ ክብርታቱን ባህሉን ክድምስስ ዝተሃንደደ ጉጅለ ህግደፍ ብዝነቐሐን ዝተወደበን መልክዕ ቃልስታቱ ከሰላሰል ይርከብ። እንሆ ከኣ እቲ ቃልሱ ካብ ዝጅምር 24 ዓመታት ኮይኑ ይርከብ።

ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር፡ ከም መሓዛን ናይ ቀረባ ፈታውን እዚ ውድብ፡ ኣብ'ዚ ንመበል 24 ግዜ ዝግበር ዘሎ ጽምብል ምስረታ መሪሕ ውድቡ ድምሓኩኤ፡ ንመላእ ህዝቢ ብሄረ ኩናማ የውሃና ክንብሎ ንፈቱ። ታሪኻዊ ባይታ ቃልሲ ብሄረ ኩናማን መሪሕን ውድቡን ደምሓኩኤ እንተ ተወኪስና፡ ነዚ ናይ ሎሚ መድረኽ ከበጽሕ፡ ኣብ ንቕሓት ዝተሰረተ ዝደልደለ ውዳቤ ክሃንጽ፡ ነዚ ሎሚ ጨቢጥዎ ዘሎ ኩለንተናዊ ፖለቲካዊ ቁመና ክበቕዕ፡ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ውሽጥን ግዳምን ብድሆታት ሰጊሩ፡ ኩለንተናዊ ናይ ሂወትን ኣካላን መስዋእቲ ከፊሉ እዩ። ምኽንያቱ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ቃልሲ ብዕድል ወይ ብሰናይ ድሌት ዝብጻሕ ስለዘይኮነ እዩ።

ደምሓኩኤ ነቲ ሎሚ ዝጽምበል ዘሎ ናይ መበል 24 ዓመት ፍሉይ ኣጋጣሚ ብምግባር፡ ነቲ ተቢዑ ንመሰሉ ክብረቱን ብዘይ ምሕላል ዝቃለስ ዘሎ ሕብረተ-ሰብ ኩናማ ኤርትራ ደጊምና እንቋዕ ሓጎሰካ ንብሎ። ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር፡ ከም ምሓዛን ፈታውን መላፍንቲ ውድብ፡ ጭቆናን ዓመጽን ብሄረ ኩናማ ይኹን መላእ ብሄራት ኤርትራ ክቕንጠጥ፡ መሰልን ክብረትን ማዕርነትን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ይኹን ሕብረተ-ሰብ ክረጋገጽ፡ ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ብሄረ ኩናማ ምህላው በዚ ኣጋጣሚ ከረጋግጽ ይደሊ።

ኤርትራ ብብዙሕነት ትግለጽ ሃገር እያ። ኣብ ኤርትራ ምሉእ ሰላም ክረግገጽ፡ ፍትሒ ክነግስ፡ ነቲ ብዝሑነትና ዘምሓድር፡ ሓቀኛ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምርግጋጽ እዩ። እዚ ብዙሕነታዊ ሓድነትን ቀጻልነትን ኤርትራ ዝውሓስ ከኣ ብተሳትፎ ኩሎም ብሄራት ኤርትራ እዩ። ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክትከል ከኣ "ስምረት" ምስ ኩሉም ጭቁናት ብሄራት ክቃለስ ከም ውትሩ ድልውነቱ የረጋግጽ፡፡

ድጊምና የውሃና ንመላእ ህዝቢ ብሄረ ኩናማ፡ መሪሕ ውድቡ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ደምሓኩኤ)።

ኤርትራን ኤርትራውነትን ንዘልኣለም ክነብሩ እዮም!

ሓርነትና ናይ ግድን እዩ!

ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር

1/ሚያዝያ/2019